

# ብሓባር ምዕባይ!


KITA-EINSTIEG HAMBURG

Gemeinsam groß werden!

## ብጅማር መውዓሊ ህጻናት ኣብ ሃምበርግ

Informationen für Eltern

www.kita-einstieg-hamburg.de




## ናይ መንግስቲ ጀርመን ፕሮግራም ምጅማር መውዓሊ ህጻናት (Kita-Einstieg) እንታይ እዩ፡ ኣብ ሃምበርግ'ኸ ብኸመይ እዩ ክትግበር?

ኩሎም ህጻናት ናብ መውዓሊ ህጻናት ናይ ምኻድ ዕድል ኣይረኽቡን እዮም። ናይዚ ጠንቂታት ዝተፈላለዩ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ዕላማ እዚ ፈደራላዊ ፕሮግራም ድጋፍን ሓገዝን ምብርካት እዩ። ኣብ መንጎ ወለዲን መውዓሊ ህጻናት መራኸቢ ድልድል ክፈጥር ይፍትን። ናብ መውዓሊ ህጻናት ምንጽባር በዚ መልክዕ እዚ ክግበር ይቐልል። ብዛዕባ'ዚ ፈደራላዊ ፕራግራም ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ምውካስ ይክኣል:
**www.frühe-chancen.de/kita-einstieg**

## ኣብ ሃንበርግ እንታይ እዩ ዘጋጥም ዘሎ

ኣብ ሃምበርግ፡ ኣብ ፈለማ መዓልታት፡ ናይ ቦታ ስራሕ መምርሒታት መውዓሊ ህጻናት ከበድቲ ክኾኑ ይኽእሉ። ሕቶታት ይምልሱን ንጥፈታት ይውድቡን። ንኣብነት፡ መጻወቲ ጉጅለታትን ዙረትን ክህሉ ይኽእል። ህጻናት ክጻወቱ ይኽእሉ እዮም። ወለዲ ተመኩሮታቶም ከካፍሉ ይኽእሉ እዮም።
ኣብ ተኣፋፊ ዝኾነ፡ ናብ መውዓለ ህጻናት ምንጽባር ዘድልየሉ እዋናት፡ ንመማህራን ሓገዝ ንምብርካት ተባሂሎም ዝተዳለዉ ስልጠናታት (ፔዳጎጂ) ኣለዉ። ኣብ ሃምበርክ ዝሰርሑ ኩሎም ሰብ ሞያ፡ ኣብዚ ዘይክፈሎ ሰሚናራት ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም። እዞም ሰሚናራት፡ ከም እኒ ምትእስሳር፡ ናይ ጉድኣት (trauma) ፐዳጎጂ፡ ምልምማድ ቋንቋ፡ ባህላዊ ብዙሕነትን ካልእን ዝኣመሰሉ ጉዳያት ኣልዒሎም ይዝትዩ።
ብዛዕባ መደባት ናይዚ ፕሮግራም፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ነዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ
**www.kita-einstieg-hamburg.de**




Foto: © Julia Kneuse

# ንውላደይ ናብ መውዓሊ ህጻናት ስለምንታይ እዩ ኣገዳሲ?

**ደቅኻ ኣብ ህጻንነቶም ዝረኽቡዎ ትምህርቲ ኣገዳሲ እዩ!** ቋንቋ ጀርመን ጽቡቕ ጌሮም ዘይመለኹ ህጻናት፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ሃዋሁው ብቕልጡፍ ናይ ቋንቋ ክእለቶም ከማዕብሉ ይኽእሉ።
ቀልጢፎም **መውዓሊ ህጻናት** ዝጀምሩ ህጻናት፡ ኣብ ትምህርቲ ጽቡቕ ውጽኢት ናይ ምርካብ ዝለዓለ ዕድል ኣለዎም።
ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማሮም ህጻናት፡ ገለገለ ክእለታት ከማዕብሉ የድልዮም እዩ። **እዞም ዝስዕቡ ነገራት ኣብ መውዓሊ ህጻናት ካብ ዝመሃሩዎም ነገራት እዮም።**

- ምስ ካልኦት ምጽዋት
- ናጽነት
- ንኻልኦት ምስማዕ
- ርእትኦም ምቕራብ
- ሓላፍነት ሙኻን
- ግርጭታት ምፍታሕ
- ጽን በሃሊ ሙኻን
- ጽሬት ምሕላው
- መምርሒታት ምኽታል
- ኢደስራሓት

እዞም ክእለታት ዉላድካ ንትምህርቱ ድሉው ክኸውን ይሕግዝዎ።
ውላድካ ግቡእ ክትትል እናተገብረሉ፡ ንስኻ ድማ ከም ወላዲ፡ ንትምህርቲ፡ ንስራሕ፡ ንሓዳርን ንኻልእን ዝከውን እኹል ግዜ ትረክብ።




# Kita-Gutschein እንታይ እዩ ኣበይከ ክረክብ ይኽእል?

ኣብ ሃምበርግ ደቅኻ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ክኣትዉ እንተድኣ ደሊኻ **Kita-Gutschein** የድልየካ። ብመገዲ ኣብ **ከባቢኻ** ዝርከብ **ኦፊስ ክንክን ህጻናት** ን Gutschein ከተመልክት ትኽእል ኢኻ።
ናይ መውዓሊ ህዛናት ማእከላት Gutschein ክህባ ኣይክእላን እየን።
ወለዲ Gutschein ሒዞም ናብቲ ዝመረጽዎ ማእከል መውዓሊ ህጻናት ይኸዱ። ኣብኡ ብምኻድ፡ ምስቲ ማእከል **ኩንትራት** ይፍርሙ።

## ን Kita-Gutschein ምምልካት

ኣብ ከባቢኻ ናብ **ዝርከብ ቤትጽሕፈት ክንክን ህጻናት** ን Kita-Gutschein ዝኸውን ማመልከቻ ተቕርብ። ናብ HH-Mitte, Altona, Eimsbüttel, HH-Nord, Wandsbek, Bergedorf ወይ Harburg ተቕርብ። ከከም ጠለባት ወለዲ እቶም ህጻናት ን5፡6፡8፡10 ወይ ድማ 12 ሰዓታት መውዓሊ ህጻናት ክጸንሑ ይኽእሉ። ኣብ ሃምበርግ 1 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሜኦም ህጻናት፡ ምሳሕ ብነጻ ኮይኑ ኣብ መዓልቲ ን5 ሰዓታት ኣብ መውዓሊ ህጻናት ክጸንሑ ይኽእሉ። ፍሉይ ድሌታት ናይ ዘለዎም ህጻኣናት ወለዲ፡ ኣብ መዓልቲ ልዕሊ €31 ምኽፋል ኣየድልዮምን እዩ።

### Kita-Gutschein እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ይጥርንፍ

- ውላድካ ንኽንደይ ሰዓታት ኣብ መውዓሊ ህጻናት ክጸንሕ ይኽእል
- ከተማ ሃምበርግ ነቲ ኣገልግሎት ንምሽፋን ዝከፍሎ ዋጋ ክንደይ እዩ
- እጦም ወለዲክኽፍሉዎ ዘለዎም መጠን ክንደይ እዩ

### ወለዲ ክኽፍልዎ ዘለዎም መጠን ኣብዞም ዝስዕቡ ይምርኮስ

- ብዝሒ ኣባላት ስድራቤት
- ታዊ ናይ ወለዲ
- እቲ ህጻን ነፍሲወከፍ መዓልቲ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዘሕልፎ ሰዓታት

ናይ Kita-Gutschein ውዕል እንተበዝሐ ንሓደ ዓመት እዩ ዝጸንሕ። ወለዲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ንሓዲሽ Kita-Gutschein ከመልክቱ ኣለዎም። ካብ ከተማ ሃምበርግ ሓበሬታ ንምርካብ እዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ:
**www.hamburg.de/kita**




Foto: freepik.com

# ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዝዝረብ ቋቋ እንታይ እዩ?

**ቁንቋ ከፋቲ ማዕጾ ዓለም እዩ!** ኣብቲ መውዓሊ ህጻናት ዝሰርሑ ኣባላት ምስ ውላድካ ብቋንቋ ጀርመን እዮም ዝረዳድኡ። ቋንቋ ጀርመን ምምሃርን ምዝራብን ኣብ ቤትምህርቲ ዕዉት ንሙኻን ወሰንቲ ረቋሒታት እዮም። ኣብ መዋሊ ህጻናት፡ ቆልዖ ምስ ካልኦት ከምኦም ክጻወቱ ይኽእሉ።ቋንቋ ዳርጋ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ጻዕሪ እዮም ዝመሃሩዎ። ሓደሽቲ ቃላት ንምምሃር ዝሕግዙ ኣዝዮም ውጽኢታውያን መገድታት ኣለዉ -
ብሓባር ምዝማር፡ ናይ ኣጻብዕቲ ጸወታታት፡ ናይ ምንቅስቓስ ጸወታታት፡ ዓውኢልካ ምንባብን ጽውጽዋይ ምንጋርን፡ ናይ ስእሊ መጻሕፍቲ ምጥቃምን ካልእን።.

**ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዘለዉ ክኢላታት ቋንቋ**
ኣባላት ናይቲ መውዓሊ ህጻናት ቋንቋ ጽቡቕ ጌሮም ዝመልኩ እዮም። ቋንቋ ኣብ ምልማድ ወሳኒ ተራ ይጻወቱ። ሓደ ህጻን ቋንቋ ኣብ ምልማድ ጸገማት እንተድኣ ሃልዩዎ፡ እዞም መማህራን ነቲ ብፍሉይ ሓገዛት ይገብሩሉ።

**ቋንቋ ጀርመን ከም ወዲ ዓዲ ክትዛረብ ምኽኣል**
ህጻናት ኣብ መጀመርታ ውሑዳት ዓመታት ናይ ዕድሜኦም እዮም ቋንቋ ኣዴኦም ዝመሃሩ። ይኹን ደኣምበር፡ ህጻናት ኣብዚ ዕድመ እዚ ካብ ቋንቋ ኣዴኦም ወጻኢ ካልእ ገለገለ ተወሰኽቲ ቋንቋታት እውን ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ዋላ ውን ህጻናት ሓድሽ ቋንቋ ክመሃሩ ዝኽእሉ እንተኾኑ፡ እዚ ግን ቅርብ ክብድ ክብል ይኽእል።

**ምኽሪ:** ህጻናት ደንጉዮም እንተተባህሉ ካብ ደቂ 3 ዓመት ኣትሒዞም ቋንቋ ጀርመን ምምሃር ክጅምሩ ኣለዎም። በዚ መንገዲ እዚ ነቲ ቋንቋ ልክዕ ከም ቋንቋ ኣዲኦም ክመልክዎ ይኽእሉ። ህጻናት፡ ኣብ ንወለዲን ህጻናትን ዝወሃቡ ስልጠናታትን ኣብ መውዓሊ ህጻናት ቋንቋ ጀርመን ክዛረቡን ክሰምዑን ይኽእሉ።
ሓደ ህጻን፡ ብመጠን እቲ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ዘሕለፈሉ ግዜ ብእኡ መጠን ድማ ናይ ቋንቋ ጀርመን ክእለቱ ይዓቢ።




# “ምልምማድ’ ማለት እንታይ ማለት እዩ፡ እንታይ’ከ ይጋጥም ኣብቲ እዋን?

ናይ መጀመርታ ግዜያት ናይ መውዓሊ ህጻናት **‘ምልምማድ’** ይበሃል።
ውላድካ ምስ ግዜ ነቲ መውዓሊ ህጻናት እናለመደ ክመጽእ እዩ። ኣብ መጀመርታ ብሓንሳብ ምሳኻ ብሙኻን ክኸዱ እዮም፡ ደሓር ግን በይኖም ክመጹ እዮም።ኣብ ናይ ልምምድ ግዜ ምስ ውላድካ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ብሓንሳብ ክትጸንሕ ኢኻ።
ኣብ’ዚ ግዜ እዚ እተሕልፎ ሰዓታት ሓጺር እዩ። ምስ ኣባላት እቲ መውዓሊ ህጽናት መጠን ከተሕልፎ ዘለካ ግዜ ብዝምልከት ክትረዳዳእ ኢኻ።
ሓደ ካብኣቶም ንውላድካ ብፍሉይ ናይ ምክትታል ስራሕ ክወሃቦ እዩ። እዚ ሰብ እዚ ዝኾነ ይኹን ሕቶ ምስ ዝህልወካ ብቐረባ ክትውከሶ እትኽእል ሰብ እዩ። እዚ ንስኻን ውላድካን ብቕልጡፍ ነዚ ሓዱሽ ኣከባቢ ንኽትለምዱዎ ዝሕግዝ እዩ። ምስቶም ኣባላት ውን ጽቡቕ ዝምድና ክትፈጥር ትኽእል።
ካብዚ ቀጺሉ ዝመጽእ ካልኣይ ደረጃ ኮይኑ ምስ ውላድካ ምፍልላይ እዩ። ኣብቲ መውዓሊ ህጻናት ኣብ ካልእ ክፍሊ ብሙኻን ትጽበ እሞ፡ ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቅ ግን ትምለስ። ድሕሪ’ዚ ቀስ ብቀስ፡ እቲ ህጻን ብዘይባኣኻ ዝጸንሖ ግዜ እናነውሐ ይመጽእ። እዚ እቲ ህጻን ንበይኑ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ምጽናሕ ክሳብ ዝጅምር ይቕጽል።

**ውላድካ ኣብ እዋን ምፍልላይ ምስ ዝበኪ፡**
ቀሊጢፍቃ ብምምላስ ኣጸናንዓዮ። ኣብ ሓደ መዋእለ ህጻናት ናይ ‘ምልምማድ’ ግዜ ሰሙናት ክወስድ ይኽእል እዩ።

# ኣብቲ መውዓሊ ህጻናት እንታይ የጋጥም?

ኣብ መውዓሊ ህጻናት መብዛሕትኡ ዝግበሩ ዝግበሩ ንጥፈታት





Foto: © Julia Kneuse

ድሌታትካ እኻታይ እዩ ብዘየገድስ **ባህላዊ መምርሒታት መውዓሊ ህጻናት** ኩሉ ግዜ ኣብ ጎንኻ እዮም! ቅጥዒ ኣብ ምምላእ፡ ናብ ቆጸራታት ምሳኻ ምኻድ፡ ንነገራት ብዝርዝር ምግላጽን ተርጓሚ ምቕራብን።

# መውዓሊ ህጻናት ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?

## ሸዱሽተ ስጉምትታት

### 1 ሓበሬታን መላለዪን:

- ብዝተፈላለየ ቋንቋ ዝተዳለዉ ሓበሬታታት
- መልሲ ብተደጋጋሚ ንዝሕተቱ ሕቶታት hamburg.de: https://bit.ly/2P3A89k

### 2 ናብ Kita-Gutschein ምምልካት:

ነቲ ማመልከቻ ምልኣዮ፡ ፎቶኮፒ ናይ ወረቐት መንነትካ ናብ ዲስትሪክት ኦፊስ ለኣኽ

### 3 መዋእለ ህጻናት ምርካብ:

- መድለዪ መውዓሊ ህጻናት ወብሳይት: www.hamburg.de/kita-finden/
- ናብቲ መውዓሊ ህጻናት ደውል፡ ድሕርዚ ብኣካል ብምኻድ ቆጸራ ሓዝ

### 4a ነጻ ቦታ – ነቲ መውዓሊ ህጻናት ፍለጦ

(ቆጸራ ሓዝ)

### 4b ነጻ ቦታ የለን

- እንተወሓደ 5 ነጻ ቦታ የለን ዝበሉኻ ርኸብ
- ዝርዝር ናይ ዝነጸጉኻ ናብ ዲስትሪክት ኦፊስ ለኣኽ

### 5 ነቲ መውዓሊ ህጻናት እንተድኣ ፈቲኻዮ:

ተመዝገብ፡ ሕቶታትካ ኣቕርብ፡ ነቲ ኩንትራት ፈርም።

እዞም ዝስዕቡ ነገራት ምምላእ ኣይትረስዕ: ናይ ክታበት ካርድ፡ ናይ ውላድካ ናይ ሕክምና መዝገብ ደብተር፡ ከምኡ ድማ Kita-Gutschein።

### 6 ምልምማድ:

ንውላድካ ን4 ሰሙናት ባዕልኻ ሒዝካዮ ኪድ


# መውዓሊ ህጻናት ክረክብ እንተድኣዘይክኢለ እንታይ ክገብር ይኽእል?

1 ቅቡል ዝኾነ Kita-Gutschein የድልየካ።




2 Gutschein ንኽወድቕ ትሕቲ ሰለስተ ወርሒ ምስ ተረፎ ምስ እተቕርብ ሓገዝ ክትረክብ ኣይከኣልን እዩ። ዝወድቀሉ ዕለት ኣብቲ Kita-Gutschein ተጠቒሱ ኣሎ። ንኣብነት እቲ Gutschein ካብ ሰነ 1፡ 2019 ኣትሒዙ ቅቡል እዩ። ነዚ ዲስትሪክት ኦፊስ እምበኣር ክሳብ ሓደ ሚያዝያ 2019፡ ኣብ ዘሎ ግዜ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል።

3 እንተወሓደ 5 ዝኾነ መውዓሊ ህጻናት ክነጽጋኻ ኣለወን። ነዚ ዝከውን ዝተሓትመ ቅዳሕ ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ። ዋላ ብተሌፎን ናይንምንጻግ ግብረመልሲ እንተረኺብካ፡ እዚ ከም ጭብጢ እኹል እዩ። እዘን መውዓሊ ህጻናት ኣብቲ ፎርም/ቅጥዒ ምፍራም ኣየድልየንን እዩ።






4 ምስ ንጉዳይካ ዝከታተል ሰራሕተኛ ናይ ዲስትሪክት ኦፊሰር ቆጸራ ሓዝ። ኣብቲ ናትካ Kita-Gutschein ስም፡ ቁጽሪ ቴለፎንን ኢመይልን ክትረክብ ኢኻ። እጢ ዝተሓትመ ፎርም ናብቲ ቆጸራ ሒዝካዮ ኪድ።

5 እቲ ተከታታሊ ጉዳይካ፡ ካብዚ ብምቕጻል ቦታ ክረክበልካ ክፍትን እዩ። ኣብ ጥቃኻ ንዝርከባ ኩለን መውዓሊ ህጻናት ክጥይቕ እዩ። እዘን መውዓሊ ህጻናት ብባቡር ወይ ባውቶቡ ካብ ናይ 20 ደቂቕ ጉዕዞ ኣብዘይርሕቕ ቦታ ክህልዋ ኣለወን።





6 እዚ ናይ ምድላይ መስርሕ ክሳብ 3 ወርሒ ክወስድ ይኽእል። ነጻ ቦታ እንተድኣ ተረኺቡ፡ እቲ ተኸታታሊ ጉዳይካ ብናይ ጽሑፍ መልእኽቲ ክሕብረካ እዩ።

7 ናዓኻ ዝከውን ነጻ ቦታ ምስ ተፈልየ ወይ ድማ ክልተ ነጻ ቦታታት ምስ ነጸግካ እዚ መስርሕ ይዛዘም።

**ብዛዕባ ናይ ምደባ ኣገባብ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ፡ hamburg.de:**




# ኣብ ናይ ፣ኣውዓሊ ህጻናት ማእከላት ብኸመይ ክሳተፍ ይኽእል?

ኣቦታትን ኣዴታትን ኣብ ማእከል መውዓሊ ህጻናት ኣብ ዝህልዉሉ ግዜ ምቾት ክስምዖም ይደልዩ እዮም። ብቐጥታ ኣብ ማእከል መዋእለ ህጻናት ብምስታፍ፡ ኣብ ልዕሊቲ ውላድካ ዘሕልፎ ግዜ ጽልዋ ክህልወካ ይኽእል እዩ።

ንውላድካ ከተብጽሕ ኣብ እጥኽደሉ እዋን ወይ ድማ ውላድካ ክትወስድ ኣብ እትመጽኣሉ እዋን ምስ ኣባላት ናይቲ ማእከል ንሕጽር ዝበለ ግዜ ክተዕልል ትኽእል ኢኻ። “ወደይ ከመይ ደቂሱ?”; “ውላደይ ብግቡእ’ዶ በሊዑ?”.

ወለድን ኣባላት እቲ መውዓለ ህጻናትን ክዘራረቡ ኣገዳሲ እዩ። ኣባላት እቲ መውዓሊ ህጻናት፡ ህጻናት ብዛዕባ ዝነበሮም ውዕሎ ክነግሩኻ እዮም።

**ናይ ወለዲ ምርኻብ፡** ተወሳኺ ሕቶ ንምሕታት ጽቡቕ ዕድል ዝፈጥር እዩ። እቶም ኣባላት፡ ውላድካ ኣብ ማእከል መዋእለ ህጻናት ብዛዕባ ዝነበሮ ግዜ ከነግሩኻ እዮም።

ኣባላት መውዓሊ ህጻናት፡ **ናይ ወለዲ ግዜ፡** ንወለዲ ኣገዳሲ ሓበሬታ ንምሃብ ይጥቀሙሉም እዮም። ወለዲ ውን እንተኾነ ንዘተ ዝኸውን ሃሳባት ከቕርቡ ይኽእሉ እዮም። ናይ ወለዲ ወከልቲ እውን ይምረጹ እዮም።

እዚ ሰብ እዚ ንወለዲ ወኪሉ ወኪሉ ኣብ ንጥፈታት መውዓሊ ህጻናት ይሳተፍ።

እቲ መውዓሊ ህጻናት ወለዲ ኣብ እዋን ዙረትን በዓላትን ክሳተፉ፡ እዚ ብሓጎስ ዝቕበሎ ነገር እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብሓጎታትን እኖሓጎታትን እውን ኣብዚ ጽንብላት ክሳተፉ ይኽእሉ እዮም።

## Osdorf/Lurup

Nilgün Validzic
AWO Kita Chi-Kita
Friedrich-Schöning-Weg 9-11
0176 / 14 14 00 60
nilguen.validzic@awo-hamburg.de

## Hamburgweit
für Kinder mit Behinderung

Steffen Wendt
Kinderkompass
Weg beim Jäger 86
040 / 55 62 03 82-0
steffen.wendt@kinderkompass-hamburg.de

## Billstedt

Barbara v. Oertzen
Kath. Pfarrgem. St. Paulus
Kath. Kita St. Paulus
Öjendorfer Weg 4
040 / 73 67 75 690
oertzen@kita-paulus.de

## Jenfeld

Martina Sinnen
Elbkinder Kita Grunewaldstraße
Grunewaldstr. 78 a
040 / 55 64 40 41
m.sinnen@elbkinder-kitas.de

## Neu Allermöhe

Adriana Szwarc
Kath. Pfarrei Heilige Elisabeth
Kath. Kita Edith Stein
Edith-Stein-Platz 1
0152 / 34 78 57 58
szwarc@pfarrei-heilige-elisabeth.de

## Borgfelde/Hamm/Horn

Karuan Otmann
Kita-Eiffekinder
Eiffestraße 62e
0151 / 67 84 21 81
karuan.taha.otmann@ib.de

## Farmsen-Berne

Nils Zemella
Sternipark Kita Berner Heerweg
Berner Heerweg 162
0151 / 54 46 43 93
kitakulturlotse.bernerheerweg@sternipark.de

## Groß-Borstel

Kerstin Dählmann
Kindermitte e.V.
Ackermannstr. 36
040 / 30 72 60 90
info@kindermitte.org

## Mümmelmannsberg

Marion Koch
Stiftung Alsterdorf
Kinderhaus St. Nicolaus
Mümmelmannsberg 73
0170 / 34 84 653
marion.koch@alsterdorf.de

## Harburg

Inken Zacher
DRK Hamburg-Harburg
Rote-Kreuz-Str. 3-5
0157 / 32 62 66 07
i.zacher@drk-paedagogik.hamburg

## Neugraben-Fischbek

Anett Wohlers
DRK Kita Storchenwiese
Plaggenmoor 60
0177 / 96 04 551
a.wohlers@drk-paedagogik.hamburg

## Koordinierungsstelle

Kita-Einstieg Hamburg
Burchardstr. 19
040 / 22 86 45 43-3
kita-einstieg@agfw-hamburg.de

## ንርእይቶታትካ ዝኸውን ቦታ!

ንዝርዝር ንምምርሒ ባህላዊ መውዓሊ ህጻናት ዝምለከት ኣብ ውብሳይት **www.kita-einstieg-hamburg.de** ተመልከት

KITA-EINSTIEG HAMBURG

Gemeinsam groß werden!

መዋሊ:

Bundesministerium für Familie, Senioren, Frauen und Jugend

Hamburg | Sozialbehörde

Frühe Bildung: Gleiche Chancen

Bundesprogramm Kita-Einstieg
Brücken bauen in frühe Bildung

Arbeitsgemeinschaft
der Freien Wohlfahrtspflege
Hamburg e. V.

# AGFW

**ማእከል ምክትታል**

**Kita-Einstieg Hamburg**

Tel. 040/228 64543-0

kita-einstieg@agfw-hamburg.de

www.kita-einstieg-hamburg.de

ኣብ ሃምበርግ ዝርከብ ሓባራዊ ፕሮጀክት:

AWO

Deutsches Rotes Kreuz

PARITÄT

Diakonie Hamburg

caritas

elbkinder – Vereinigung Hamburger Kitas

SOAL | Alternativer Wohlfahrtsverband

Kinder Mitte – www.kindermitte.org

Stand: 09/2021